*ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT*
*Executive Committee*

**ዕለት፡** 08/09/2024

# ሃገርና ኤርትራ ሓደ ካብ’ ቶም ዓበይቲ ስነጥበባውያን ኸሲራ ! !

ህቡብ ስነ-ጥበባዊ ሃገርና ዑስማን ዓብደልረሒም ብዕለት 07 መስከረም 2024 ዓም ኣብ ከተማ ስቶክሆልም - ሽወደን ብሕማም ዓሪፉ። ዑስማን በዓል ሓዳርን ኣቦ 5 ውሉዳትን እዩ።

ስነ-ጥበባዊ ዑስማን ዓብደልረሒም፣ ኣብ 1948 ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ተወሊዱ። ኣብ ኤርትራን፣ ኣብ ኢትዮጵያን ከምኡ’ውን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ምስ ዝተፈላለያ ማሕበራት ሙዚቃ ከም ቀሃስ ባንድ፣ ማትኣ፣ ሮኬት፣ ሬድ ሲ ባንድ፣ ኑስ ባንድ ወዘተ ሓቢሩ ሓያሎ ብሉጽ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ብምፍራይ ዝዝከር እዩ።

ኣብ 1974 ዓ.ም. ምስ ብጾቱ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ልዑል ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ካብቶም ዝገበሮ ሓርበኛታት ስነጥበባውያን ምንባሩ መዛግብ ሰውራና ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ኣብ ተሓኤ ከሎ ይኹን ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፣ ቃልሲ ዘሕንንን ፍናን ህዝብና ክብ ዘብልን ንዘልኣለም ዝዝከር ታሪኻዊ ዜማታት ኣቕሪቡ እዩ። ብድሕሪኡ ኣብ ስደትን ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ንህዝቢ ዘነቓቕሑን ዝምህሩን፣ ንስነ-ጥበብ ሃገርና ንቕድሚት ዘሰጎሙ ብዙሕ ስርሓት’ውን ኣቕሪቡ። ደርፍታት ዑስማን ዜማኦምን ኣቀራርባኦምን ኣዚዮም መስጥቲ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንኹሉ መዳያት ህይወት፣ ፍቕሪ፣ ማሕበራዊ ህይወት፣ ስድራ-ቤትን ሃገራዊ ቃልስን ዘንጸባርቑ ብምንባሮም ኣብ ህዝቢ ልዑል ተቐባልነት ነይሩዎ።

ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ብሞት ፍቱው ደራፊ ሓው ዑስማን ዓብደልረሒም ዝተሰማዓንና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፡ ንኽብርቲ በዓልቲ ቤቱን ንክቡራት ደቁን፣ ከምኡ’ውን ንኩሎም ቤተሰቡን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብኩም ብምባል፣ ንነፍስሄር ዑስማን፣ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ክቕበሎ ንልምን።

ፈጻሚ ኣካል
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ